# ኣገዳሲ ሓበሬታ

*ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትር ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ተቛሪጹ ዝነበረ መርበብ ሓበሬታ ወድብ (ወብ ሳይት) ካብ ሕጂ ጀሚሩ ዳግም ከም ዘበገሶ ንኩሎም ፖለቲካዊ ኩነታትን ዜናን ኤርትራን ከባቢኣን ዝግደሱ ብሓፈሻ ንኣባላት ግሃድኤን ደገግቱን ድማ ብፍላይ ክንሕብር ደስ እብለና።*

*ኣድራሻ መርበብ ከምዚ ዝስዕብ ኮይኑ፡* [https://ensf.net](https://ensf.net)

*መርበብና ኣካል ናይቶም ድሮ ዝነጥፉ ዘለዎ መርበባት ሓበሬታ ኤርትራውያን ኮይኑ፣ ብዛዕባ ሃገርናን ከባቢናን ዓለምን ቅኑዕ ሓበሬታ ኣብ ምዝርጋሕ ኣወንታዊ ተራ ንኽጻወት ዝድለ ጻዕሪ ከነካይድ ኢና። ከምኡ'ውን ገለ ሓበሬታ ኣብ ምስናቕ ይኹን ዝተጸንዐን እሙንን መወኪሲታት ኣብ ምብርካትን ውድባዊ ዓቕምናን ትሕዝትኡን ኣብ ኣገልግሎት ደለይቲ ፍትሒ ከም ዝውዕል ክንገብር ምኽንና ነተኣማምን። ባህግናን ዕላማናን ነቶም ግዱሳት በጻሕትናን ከቡራት ተኸታተልትን ገለ ካብ ትጽቢታቶም ከነማልእ ኢዩ።*

**ዕላማ ናይዚ መርበብ እዚ ዝስዕብ እዩ፡፡**

*- ንጥፈታት ውድብ ግሃድኤ መላፍንቱን ምቕላሕ።*

*- ዕላማታትን መደብ ዕዮ ውድብን፡ መርገጻትቱን ኣመላኽትኡን ዘንጸባርቑን ዝገልጹን ጽሑፋት ምቕራብ።*

*- ምስ ኤርትራን ከባቢኣን ዝተኣሳሰሩ እዋናዊ ዜናታትን ምዕባለታትን ምቕላሕ።*

*- ፖለቲካውን ስነ ሓሳባውን ንቕሓት ህዝብና ኣብ ምምዕባል ተራ ምጽዋት።*

- ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ሓበሬታ ማዕከናት ብዛዕባ ኤርትራ ንዝወጹ ጽሕፋት ወይ'ውን ዜናዊ ሓበሬታት ምስ መሰል ደራሲ ብዘይራጸም ናብ ኩሉ ንክበጽሕ ምጽዓት።

*- ኤርትራን ከባቢኣን ዝተኣሳሰሩ ኣብ ጋዜጣታትን፡ መጽሔታትን ኤለክትሮኒካዊ መራኸቢ ብዙሃንን ዝወጹ ጽሕፋትን ሓተታን፣ ዳግማይ ንምዝርግሑም ድልዋት ኢና።*

- ምምሕዳር መርበብ ሓበሬታና መሰልን ሕግታትን ሕትመት ከይጠሓሰ ንሓባራዊ ረብሓ ንምስሳን ሓበሬታ ናብ ኩሉ ንምብጻሕን፣ ነቲ ንሱ ዘቃለሖ ጽሑፋት ወይ'ውን ዜናን ሓበሬታን ዳግማይ ምሕታሙ ደስ እብለና።

*ኣብ ርእሲ'ዚ ኩሉ፣ ዝኾነ ውልቀሰብ ይኹን ትካል፣ ምስ ሃገራዊ መርገጺታትን ፖሊሲታትን ግሃድኤ ዘይሰማማዕ ፍሉይ ርእይቶታትን ሓተታን ኣብ መርበብና ከቃልሕ ምስ ዝደሊ፡ ልዑላውነት ሃገርናን ሓድነት ህዝብናን ብዘይትንክፍን፣ ንርእይቶታት ካልኦት ብዘየቍናጽብን መልክዕ ምስ ዝዳሎ፣ ክንዝርግሖ ወትሩ ቅሩባት ኢና።*

*ርእይቶኹሙን ትዕዝብትታትኩምን ከምኡ'ውን ሃናጺ ነቐፌታኹም ኣይፈለየና !!*

*ምምሕዳር መርበብ ሓበሬታ*
[www.ensf.net](http://www.ensf.net)